# መጸ ጸም ረመዳን

ናይ ሎሚ ረመዳን መጸ ምስ ሙቐቱ
ከዘክረና ደልዩ ናይ ባጽዕ ናይ ባርንቱ
ረመዳን መጸ ምስ ጸጋታቱ፡፡
እንሻኣላህ ሎሚውን ካብ ቅድሚ ወጋሕታ
ክሳብ ጸሓይ ትዓርበሉ ውቕታ
ክንጸውም ኢና ብደስታ፡፡

ረመዳን እቲ ሓደ ዓንዲ
ምስ 2 ሻሃዳ ሰላት ዘካት ሓጂ
ቀጥ ኣበሉ ናይ እምነትና መንገዲ፡፡




ረቢ ለጋስ ኢልና ኢማንና ከነድልድል
ስራሓና ከነሰላጥ ከነመዕበል
ናይ ጎይታና ነቢ ሙሓመድ ሱና ክንክተል
ኣየወይ ስርሖም ካብ ኩሉ ግዚ ኣብ ረምዳን ዘሳለጡ
ረሱል
ኢለናና እየን እምበይተይ ዓይሻ ኣቡበከር፡፡

ጸም ካብቶም ካልኦት ፍልይ ዘብሎ ነገር ኣሎ
“ተግባር ወዲ ኣዳም ንዕዑ ንወዲ ኣዳም
ጸም ግን ነዓይ እዩ ይብል ረቢ ኣልሰላም፡፡



ጸመኛ ሸውሃቱ ጥራይ ኣይኮነን ዝቃጻጸር
ንጸም ዝብድሁ ከምኒ ሓሜት ጸርፌ ሕማቕ ነገር
ወጊድ ይብሎም ያዕ ይብሎም ብምድፋር
ኣብ ክንዲ ንጻረፍ “ ኣነ ጸመኛ እየ!” ኢልና
በቲ ሓደ ጸምና
በቲ ሓደ ከኣ መልሓስና ነድሕና!

ደቅና ናእሽቱ ረቢ ይሕፌዞም
ከም ዋዛ ኢልና እስከ ረመዳን ነምህሮም
ዓቕሚ ኣዳም ዝበጸሓና ዘለና ጥዕና
ገየሽቲ እንተ ዘይኮና ክጸውም ይግበኣና ፡
ነፈሰጾር ሓራስ ወርሓዊ ዕንባባ ዝመጻ ካልኦት ዝሓመሙ
ኩሎም ካብቲ ዘልውዎ ምስተገላገሉ ይጾሙ
ገያሻይ ዓዱ ምስ ኣተወ ብሰላም
ኣብ መገሻ ዘይጾመን መዓልታት ይትከኣን ብጾም
ጥዕና ዝሰኣኑን ኣረግቶትን ኣይጾሙን ተባሂሉ
ኣብ ክንዲኡ ንመዓልቲ ሓደ ድኻ ይዕንግሉ

ወርሒ ረመዳን
ካብ ኣሻይሕ ለይታት ዝበለጸት ዝተባሃለላ
ለይቲ “ለይለቱ ኣልቅደር” ዝርከበላ፡፡
ኣብ ወርሒ ረመዳን መዓጹ ገነት ይኽፈቱ
መዓጹ ገሃነም ከኣ ይልከቱ
ሰይጣን ኣብ ወርሒ ረመዳን ይእሰር፡
ራሕማ ምሕረት ከኣ ንዓለም ይዝርዝር ፡፡

ርሑስ ረመዳን ይግበረልና
መሓመድ እድሪስ
ዓባይ ቶሮንቶ - ካናዳ